ኢ.ገበይካ ባቡራይ;;እዚ ህዝቢ ደሙ ኣፍሲሱ;; ሃገሩ ኣውሒሱ ክነሱ;; ካብ ሐደ ክሳብ ሐዙሽተ ሽዱሽተ መስዋእቲ ከፊሉ;; ዘይሕጋዊ ጉጅለ ሕጊ እንዳባ ጥሒሱ;; ብዶብ ኣማሳሚሱ ንኩርሱ;;ርስትና ኣፍሪሱ;;ፋሽሽታዊ ጉጅለ ብውዲት ነጊሱ;;;;

ሕጂ ውን ኢ.ገበይካ ባቡራይ
መን ኢ.ኻ ትኸውን ሸያጣይ
ያኣክል ዘይናትካ ምምናይ;;;;

ብዶብ እንዳ ሃውተተ
ብስዉር ብናቱ ኤሊተ
ብድቁስና ክሽጠና ክዛተ;;

እዚ ህዝቢ ያኣኽሎ
ካብ ቱርኩ ኣትሒዙ
ንወረርቱ ክምክት ዝኀየየ
ያኣኽሎ ን30 ዝደመየ
ሰናይ ጉርብትና ዩ ንምነየ;;

ንብዓት ሐርገጽ ዝነብዑ
ብህዝቢ እንዳ ተጣልዑ
ደሙ ሰትዩም ኣንጉዑ;;

ንህዝቢ ዓፋር ሐደራ
ምስ ኢትዮጵያ ከይድምራ
ሃገርና ኤርትራ
ካብ ራስ ቑሳር ክሳብ ራስ ዲሜራ;;

ዘተ ብዝቀልጠፈ
ዘተ ብዝጸፈፈ
ያኣክል ዝሐለፈ;;

ግብራዊያን ንኹን ደቂ ኤረ
ሕልሚ ደመኛና ከይሰመረ
ዝያዳ ከይዓርዓረ
ዳባትና ከይተደመረ
ዳግማይ ከይተወፍረ;;

ዋይ ዋይ የብሉን ጠቕሚ
ህዝቢ ኤርትራ ከም ዓሚ
ዳግማይ ከይደሚ;;

መጸዋዕታ ንደቂ ሃገር
ንድሕነት ህዝቢ ብተግባር
ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር;;

ኣዕዋፍ ሰማይ ብረራ
ከምዚ እንዳበልክን ዘምራ
ሰላማዊ ሰልፊ ኣብ ድያስፖራ
ጭርሖና ኣይውክሉናን ጭፍራ;;

ሕቡራት መንግስትታት
ሕጊ ኣይትኻዕጽጹ
ንህዝቢ ኤርትራ ኣይትዓምጹ
ዶባትና ብቅልጡፍ ሐንጽጹ;;

ንመንእሰይ መግዛእቲ መሪርዎ
ኣብ ሳሃራ ኣሞራ ኣዛብእ ይበልዕዎ
ኣብ ውቅያኖስ ዓሳታት ይውሕጥዎ
ኣውያት ህዝቢ ኤርትራ ስምዕዎ;;;

ንኢትዮጵያ ዘይናታ ክትብዎ ትኻየዩ
ሕጊ ኻዕጺጽካ ሰላም ኣይመጽእንዩ
ብውዲት ክሳብ ማዓስ ምሱኡ ክትዓዩ
ብዲክታቶር ህዝቢ ክጸንት ኣይትጸበዩ;;;

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ክብርን ሞጎስን
ንጀጋኑ ሰማእታትና«ስዕረት ንህግደፋዊያን ዓንገልቶምን« ካብ

ዉሽጡ ሑፉር«ኣባል ተሐኤ«በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን፡
«፡